# ፌስቲቫል ኤርትራ 2001 ፍራንክፈርት፡ ትማሊ ፍርቂ ለይቲ ብባህላዊ መደብ ተኸፊቱ።

--------0--------

ፌስቲቫል ኤርትራ 2001 ኣብ ፍራንክፈርት፡ ካብ መላእ ጀርመን ዝመጹ ኣሽሓት ኤርትራውያን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ትማሊ ፍርቂ ለይቲ ብባህላዊ መደብ ተኸፊቱ።

ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ፈስቲቫል፡ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ፍራንክፈርትን ኣብ መንበር ኣሳናዳኢት ሽማግለ ቲ ፈስቲቫልን ኣቶ ብስራት የማነ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ነዚ ንሓሙሻይ ግዜኡ “ ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ ” ብዝብል ጭርሖ ዝካየድ ዘሎ ፈስቲቫል ንምምዕራግን ንምድማቕን ንዝተሳተፉ ኩሎም ኣሳናዳእትን ስነ ጥበበኛታትን ሞጊሱ። ንሱ ቀጺሉ፡ “ፈስቲቫል ኤርትራዊ መንነትና እነንጸባርቐሉን፡ መሃዝነንትና እነበራብረሉን ጦብላሕታ ዘሕድር ፍሉይ ኣጋጣሚ  እዩ” ብምባል ድማ፡ ንኣገዳስነት ቲ ዓመት መጸ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለምን ውሽጢ ሃገርን ዝካየድ ፈስቲቫል ኣብሪሁ።

ነቲ ኣብ ጀርመን ፍራንክፈርት ዝካየድ ዘሎ ፈስቲቫል፡
ጉጅለ ባህሊ ሓላው ወሰን እያ ብባህላዊ ጸወታ ፈሊማቶ። ሎሚ ቅድሚ ቀትሪ ዝተፈላለየ ስፖርታዊ ንጥፈታት ክካየድ ክውዕል እዩ። ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ንህሉው ኩነታት ሃገርና ዘብርህ ሰሚናር ብሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን ኣቶ የማነ ገብርኣብ ክካየድ ምዃኑ ልኡኽ ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ካብ ፍራንክፈርት ሓቢሩ።

-------ኣዜኤ-----